tigrinja

# ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ኣብ አውሉ

ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ነጻ እዩ። ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ንኹሎም 16 ዝዓመቶምን ካቡኡ ዝዓበይትን ናይ ፊንላንድ ነብርትን ኣብ ፊናላንድ ነዊሕ ዝተቐመጡ እዩ ዝወሃብ። ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ክልተ ክፋል እዩ ዘለዎ።

ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ኣገዲዱ መንግስቲ ኣይህብን እዩ ግን ኩሉ ሰብ ንኽወስድ ይመክር። ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ካብ ኮሮና ዝስዕብ ሓደገኛ ሕማማት ይከላኸል እዩ ከምኡ ውን ክታቦት ምስ ወሰድካ ካልኦት ተድሕን። እኹላት ሰባት ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ምስወሰዱ ማሕበረሰብን ሃገረን ቀልጢፉ ክኸፈት እዩ።

ኮሮና ሓሚምካ እንተ ነይርካ ቅድሚ ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ምውሳድካ ንሓደ ወርሒ ተጸበ ስጋብ ክታቦት ትወስድ።

**ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት መዓስ ክትወስዶ ትኽእል፤**

ኣብ አውሉ ናይ ክታቦት ምውሳድ ተራ ብምንግስቲ ፊንላንድ ዝኣዘዞ ኢና ንኸይድ። ናይ ክታቦት ምውሳድ ተራ ካብ ኣረግቶት ናብ ነኣሽቱ እናበለ እዩ ዝኸይድ። ፍጥነት ናይ ክታቦት ዝወሃበሉ በብከም ምጽኢት ናይ ክታቦት ናብ አውሉ እዩ።

- ልዕሊ 16 ዝዕድሚኦም ኣብ ናይ ሓደጋ ዘለዉ ግሩፕ ናይ ክታቦት ምውሳድ መደብ ሕጂ ጀሚሩ ኣሎ
- ኣብ 1996 ዝተወለዱን ቅድሚ 1996 ዝተወለዱን ናይ ክታቦት ምውሳድ ተረኦም ሕጂ እዩ።

ኣብ ታሕታዊ በብዝተፈላለየ ዕድመ ተውሂቡ ዘሎ ናይ ክታቦት ምሃብ መደብ ብግምት ዝተወሃበ እዩ። ናይ ምውጋእ መደብ ክቕየር ይካእል እዩ።

- ሰሙን 26፥ ኣብ 2001 ዝተወለዱን ቅድሚ 2001 ዝተወለዱ
- ሰሙን 27፥ 16 ዝዕድሚኦምን ልዕሊ 16 ዝዕድሚኦምን

**ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ዝወሰደሉ ቦታ**

አውሉሃሊ፣ አውሉሃልሊንቲየ20 (Ouluhalli, Ouluhallintie 20)። ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ብቆጸራ ጥራሕ እዩ ዝውሰድ።

**ቆጸራ ምትሓዝ**

ቆጸራ ንምትሓዝ (ናይ ሕክምና ብእንተርነት ኣገልግሎት) hyvinvointipalvelujen nettiajanvaraus (ናይ እንተርነት ናይ ባንክ ኮዳት የድሊ እዩ) (ቋንቋ፤ ፊኒሽ፣ ሽወደን፣ ኢንግሊሽ) ወይ ድማ ብተለፎን 08 558 41415 ሶኒ-ሓሙስ ሰዓት 8–16፣ ዓርቢ ሰዓት 8–15።

ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ቆጸራ ንኽትሕዝ ብተለፎን እንተ ደዊልካ ቆጽርኻ ግደፈሎም መታን ተመሊሶም ንኽድውሉልካ። ምስደወልካ ንኽምልሱልካ ኣይትጸበ ከምኡ ውን ደጋጊምካ ኣይትደውል። ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ንካልእ ሰብ ክትሕዝ እንተ ደሊኻ ብተለፎን ደዊልካ ክትሕዝ አለካ።

**ሓበሬታ ንናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ዝወስዱ፤**

- ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ንኽትወስድ ክትምጽእ ከለኻ ማስክ ገይርካን ጥዕናኻ ሓሊኻን ክትምጽእ ኣለካ።
- ናይ ክታቦት ትውገኣሉ ቦታ ብ5-10 ደቃይቕ ኣቐዲምካ ምጻእ መታን ሪጋ ከይፍጠር።
- ሓጺር ኢዱ ካምጫ ግበር።
- ናይ መንነት ካርድኻ (henkilökortti) ወይ ድማ ናይ ባተንቲ ካርድኻ (ajokortti) ገይርካ መን ከሙኻንካ መስክር።
- ምስተወጋእኻ ኩነታትካ ንኽትርኢ ን15 ደቒቓ ንኽትጽበ ተዳለው።
- ናይ ኮሮና ሕማም ዝከላኸል ክታቦት ክልተ ክፋል እዩ ዘለዎ፣ ቀዳማይ ክፋል ምስተዋሃብካ ቆጸራ ናይ ካልኣይ ክፋል ይወሃበካ።

***ኣብ ቋንቋ ፊንላንድ ወይ ኢንግሊዝ ቡቑዕ ዝኾነ ክእለት እንተ ዘይኣለካ ሓገዝ ኣብ ቪላ ቪክቶር ኣለካ (ናይ ከተማ አውሉ ብዝተፋላለየ ቋንቋ ዝወሃበሉ ሓገዝ) <u>Oulun kaupungin monikielinen neuvonta</u>***
*ብዝተፋላለየ ቋንቋ ዝወሃበሉ ሓበሬታ ኣሎ። ንኣብነት ከም ኣብ ሓደጋ ዘለዉ ግሩፓት፣ ብዛዕባ ክታቦት፣ ናይ ክታቦት ከምዝሰድካ ዝሕብር ሰነድ ከምኡ' ውን ሓበሬታ ብዛዕባ ሳዕበን ናይ ክታቦት ኣሎ።*